ከም ወርቂ ተፈቲኑ ዝወፀ ብተጋሎ ሓዊ፤
ሰብ ድዩ ምድራዊ? ወይ'ስ ሰማያዊ?

የቕንየልና! ክቡር ፩ይ. ሚ/ር. መለስ ዜናዊ፤
ምእዙዝ ኖላዊ፣ ታሪካዊ ዝኽሩ ዘለዓለማዊ።

ዕለት፡- 70/24/09
ብኪዳነ ግርማይ

ኮከብ ሰብኣ ሰገል መራሒ መገዲ፤
መዓርግ ዓዲ ሓድጊ ወለዲ፤
ትንቢት ድዩ ጋህዲ፤
ኣደታት ዓሊለን ተወሊዲ ወዲ።
ርሑቕ ኣይትኺዱ፤ ትንቢት ተጋሂዱ፤
ኣብ ዓድና፣ በራሕ ገንበሩ ነቢይ ተወሊዱ፤
ዘይርስዕ ግብሪ ወለዱ፤ ደሞክራሲ ዘውዱ፤
ደዩቡ ወሪዱ ሀገር ዝሃንፅ መስርዕ ኣዋዲዱ፤
ዘይድፈር ዕርዱ፤ መፅረዪ ዝሓንገዱ፤ እኒ ጉራ ከብዱ፤
ገና እምበር ገና!! ምልስ ኢሉ መለስ፤
ኣፃብዕቱ ብርዒ እንትድህስስ፤
ክጽሓፍ'ዩ ታሪኽ ክሕደስ፤ ኩዓዕ ክሓፍር፣ ሓቀኛ ክውደስ፤
ናይ ኣእላፍ መስዋእቲ ብልምዓት ክድበስ።
ናይ ውፁዓት ኣቦ፣ ሕፁብ መዓንጣ ብዓል ድርብ ሓቦ፤
ዕርዱ ፅኑዕ ሕዝባዊ እምነት ገቦ፤
ማኒም ዘይደፍሮ ድልዱል ካብ ዓንተቦ።
ገሊኡ ሓዱሽ ገሊኡ ዝሓለፈ፤
ብዙሕ ታሪኽ ኣሎ ገና ዘይተጽሓፈ፣ ዘይተለፈ፤
ምስተነድፈ፣ ንእኡ ዝፅበ ዘይተልኸፈ።
ወይ ዝንሱ!! ወይ ዝንሱ! …እንትኾሪንኻ ሓራስ ነብሪ፤
እንተፍቅር ይልሕስ ጓህሪ፤
ውቀት ዝዓደሎ ናይ ዓድና ክብሪ፤
እሙን ወዲ ሕዝቢ ዘይጠልም ሕድሪ፤
ካብ ወፅዓ፣ ካብ ጥምቕ ክራማት፣ ካብቲ ዘይዛሪ፤
ምልስ ኢሉ መለስ ኣድሒኑዋ ምድሪ፤
መለስ እዚ ነብሪ!! እንኳዕ ናትና ኮነ ይመስገን ፈጣሪ።
ኣነ'ማ ኣነ፣ ኣነ ገርሂ ልቡ፣ መሲሉኒ ሕይወት ዘለኒ፤
ተማሂሩ፣ ዶክትሪት ፅዒኑ ክመፅኒ፤ ተፀቢየዮ ክሕክመኒ፤
ፈላጥ ምኳኑ'ማ ምኣዝ ጠፊኡኒ፤
ትፅቢተይ ነይሩ ዶክቶር ኮይኑ ኣብ ሆስፒታል ክፀንሐኒ፤
ለካ ንሱ'ስ ውሽጠይ ዝርኢ ነይሩዎ ዓይኒ፤
ማዕርነት ስኢነ ምሒር ጨኒቑኒ፣ ፀገመይ ፈሊጡ ረዲኡኒ፤
ሕይወት'ዩ ንሱ ከይፈርስ ኣካለይ ሕይወት ኮይኑኒ፤
ናይ ባዕሉ ደም ሂቡ ዳግም ፈጢሩኒ፤
ብሕይወት ክነብር፣ ተስፋ ሕይወተይ፣ ደሙ ሂቡኒ፤
ሕይወት ከፊሉ ምሥጢር ሕያውነት ንሱ ምሂሩኒ።
እሞ! ንዚ መምህርና እስቲ ንዘክሮ፤
ነፍቅሮ፣ ነኽብሮ፤ ዕልል ንበሉ፣ ዕምበባ ነዕትሮ፤
ብዙኅ ታሪክ ኣሎ ንሱ ዝገበሮ፤
እዚ ኵሉ ፀገም ብኸመይ ሰገሮ?
መለስ'ማ አነ ዝመስለኒ፣ ህያብ አምላክ'ዩ፣ እዝጊ ዝዓቖሮ፤
ምኽንያት ክኸውን ንመቕይሮ፤ ንልምዓት ንሕዝባዊ ኑሮ፤
እዚ ኵሉ ምህሮ፣ እዚ ኵሉ ኣእምሮ፤
ካብ አምላክ ተዘይኾን ነይሩ'ስ ምሓለፈ ድሮ፤
ከምቶም ብፆቱ ምተረፈ ነይሩ ኣብ ሩባ-ሽንጥሮ፤
ብዕሽል ዕድሚኡ ምተሰውአ እምበር ኣብ ኵናት ሴሮ፣
ኣብ ኵናት ሽራሮ፣ ኵናት ጸመ-ርበዓ ኵናት ዓዲ ዳዕሮ፤
መራሕ ሀገር ክኾን እዝጊ ሰወሮ፤ ንባሕሪ ሞት ሓሚሱ ሰገሮ።
መለስ'ዶ በሉዎ? እምብር መለስ፤
ምእዙዝ ወዲ ሕዝቢ ወዲ ዜናዊ ወዲ አስረስ፤
ወዲ ዓበይቲ ርጉእ መንፈስ፤ ክነግሥ በቃ! ዳግም ይንገሥ፤
አምላክ ዝዓደሎ፣ ቅሻረት አንበሳ፣ ክብረ ሞገስ።
ኣየ ማህፀን!! እወ፣ ኣየ ማሕዘል፤ ኣዲኡ ወሊደ ትበል፤
ኣብ መትከላዊ እምነት እብነ ኵርናዕ'ዩ ዘይፍንቀል፤
ልበ ርህሩህ ዓቃል ዘይብቀል፤ ዘይዕሾ ዘይሽካዕለል፤
ዘይግምጠል፣ ተሪር፣ ሓፂናዊ ሽኻል ዘይንቀል።
አወ!! ርቱዕ ልሣኑ፣ ከቢድ ሚዛኑ፤ ዝጣጢ ዋኒኑ፤
ኣርሒቑ ዝጥምት ዝዓምም ሃቂኑ፤ ዝሠርሕ መጢኑ፤
እሰይ ተዓዲልና ንሱ ናተይ ኮይኑ።
እወ!! "ዝእንበለ ፩ዱ ኄር ኢይኀድጋ ለሀገር""
ኢሎም ዝበሉዎ'ስ፣ ሓቂ ኮይኑ፣ ሎሚ ተጋሂዱ ምሥጢር።
ንሱ'ማ ሊቅ'ንዶ፣ ሊቅ ካብ ቀደሙ፣ ወዲ ሊቃውንቲ፤
ኣብ ባይቶ ኀቡራት መንግሥቲ፤
ኣፍሪቃ ወኪሉ፣ ኣህጉራዊ ፀገም ንምፍታሕ፣ ዝዝቲ፤
ሞጉቱ ዝረትዕ፣ ዝንተ ሞገት ዕጥቁ፣ ኃያል ተሟጓቲ።
እወ ንሱ! ሐዋሪያ ገድሊ፣ ብዓል ብዙኅ ዓቕሊ፤
ብመይላ ዝኣልዮ ንመሐንኮሊ፤ ፈቃር'ዩ ላጋስ ዝብላዕ ከም እኽሊ፤
ኣርሒቑ ዝሓስብ፣ ዓይነ ልብ ዘቦ፣ ቆጻሕ መስተውዓሊ፤
ናይ ሎሚ፣ ናይ ፅባሕ፣ ኮላይ ናይ ትማሊ።
እሞ'ረ እሞ!! እንታ'የ ዝብሎ? ክይሽልሞ ዓቕሚ የሎ፤
የቕንየለይ ክይብሎ፣ እንታይ'ሞ ክኣኽሎ? ቃላት ስኢነሉ
ብቃል ክይድልሎ፤ ሃሎ! የቅንየለይ ሃሎ! ይሰምዐኒ እንተሎ።
ክብሪ፣ ፍቕሪ፣ ምስጋና፣ ወዘለዓለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና፤
ክብሪ፣ አድናቖት ወምስጋና ንክቡር መራሒና፤
፩ይ. ሚኒስተር መለስ ዜናዊ፤ ከምወርቂ ዝፈተኖ ተጋድሎ ሓዊ፤
ምእዙዝ ወዲ ሕዝቢ፣ ሓቂኛ ኖላዊ፤ ታሪኻዊ ዝኽሩ ዘለዓለማዊ።

ምምስጋን፣ ምክብባር ንልመድ! የቕንየለይ፤
የቕንየልና፣ --የቕንየልና፣ የቕንየለይ፤

የቅንየልና፣ እወ!! ---የቕልለይ፤
ኪዳነ ግርማይ ክምስግን ብዓቕመይ።

ወለድና'ስ እንኳን'ዶ ንሰብ ንዝዓብስ ውራይ፤
እናፋፀዩ፣ እናዛመሩ፣ ይሓርሱዎ ብዕራይ።

---የቕልለይ!!!